ቤት ፅሕፈት ኣገልግሎት ማይን ፈሳስን ከተማ ኣክሱም ን2011ዓ/ም ነቲ ቤት ፅሕፈት ኣገልግሎት ዝውዕሉ ቱቦን መገጣጠሚን ፣ መሳርሒ ቴክኒክ፣ መሳርሒ ህንፃ፣ ፓም፣ ናውቲ ኤሌክትሪክ፣ መሳርሒ ፅሕፈት፣ ናውቲ ፅሬት ፣ ኤሌክትሮኒክስ፣ መለዋወጢ ኣቕሑት ብስክሌትን ሞተር ብስክሌትን፣ መለዋወጢ ኣቕሑት መኪናን ፣ መመላክዒ መኪናን፣ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ካብ ሕጋውያን ነጋዶ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሚያዝያ 25, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 13, 2011 2:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢሎቱ ዝተፈላለየ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 13, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቕሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቕሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቕሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቕሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ኣገባብ ዘለዎ ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎም፤

2 ተመዝጋቢ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝኮነን ናይ ወርሒ መጋቢት 2011ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል፤

3 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዘለዎን ከምኡውን ዝተሓደሰ መረዳእታ መቕረባይነት ዝሓዘ፤

4 መከበሪ ጨረታ ን ቱቦን መገጣጠሚን ንመሳርሒ ቴክኒክ፣ ንመሳርሒ ህንፃን ፓምፕን 20000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ንኤሌክትሮኒክስ ንመለዋወጢ ኣቕሑት መኪናን መመላክዒ መኪናን፣ ንናውቲ ኤሌክትሪክ 15000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ንመሳርሒ ፅሕፈት ንናውቲ ፅሬት ፣ መለዋወጢ ኣቕሑት ብስክሌትን ሞተር ብስክሌትን 5000.00 ሽሕ ቅርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዝ ዝክእል፤

5 ተጫራቲ ምስዓሩ ምስተረጋገፀ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልታት ውዕሊ ክኣስር ዝክእል፤ ናይቲ ዝሰዓሮ መጠን ገንዘብ 10 ሚኢታዊ ውዕሊ መከበሪ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእል፤

6 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 100.00 ቅርሺ ብምክፋል ምውሳድ ይከኣል፤

7 ጨረታ 13/09/2011ዓ/ም ሰዓት 2፡30 ንግሆ ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 3፡00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት።

8 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ብዘይ ምርካቦም እቲ ጨረታ ካብ ምክፋት ኣይተኣጎልን።

9 ሰዓራይ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ መፅዓንን መራገፍን ናብቲ ቤት ፅሕፈት ኣታዊ ዝገብር፤

10 ተጫረቲ ኣብ ዝወዳደርሉ ናይ ሓደ ዋጋ ሰነድ ብምምላእ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኣብ ሕድሕድ ገፅ ማህተምን ፊርማን ከቀምጡ ኣለዎም።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ብበዓልካ ዝርዝር ረቋሒ ምፅሓፍን ምምላእን ኣይፍቀድን።

12 እቲ ተቕርብዎ ሰነድ ድማ ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከእትው ኣለዎም።

13 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ 0347-753267 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle